ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ                جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI

## ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ 8ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣቃኒዑ፡

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ) 8ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ካብ ዕለት 08 ክሳብ 10 መጋቢት 2017 ምክያዱ ኣብ ዝለኣኾ ዜና ሓቢሩ፡፡ እቲ ዜና ወሲኹ ከምዝሓበሮ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ-ሕድሪ ካብ ዕለት 25-28 ሕዳር 2016 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ነቲ ኣብ ውሽጢ ውድብና ፈኺም እንዳበለ ክኸይድ ዝጸንሐን ብጋህዲ ኣብ ልዕሊ ውድብ ኣንጸላልዩ ዝነበረ ውዲትን ሓደገኛ ኩነታትን ብዕምቆት ዘትዩን ገምጊሙን፡ ኣገደስቲ ውሳኔታት ብምቕማጥ፡ ናብ ኩሉ ኣባል ውድብ እቲ ሓቂ መታን ክፍለጥ ዘዋሪ መልእኽትታት ብምዝርጋሕ ቀጻልነት ውድብ ኣረጋጊጹ ከምዝወጸ ሓቢሩ፡፡

ካብዚ ብምብጋስ ካብ ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድሪ ሓላፍነት ዝተቐበለ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ኣብዞም ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ኩሉ ከባብታትን ጨንፈራትን ዝተካየዱ ንጥፈታት፡ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ናይ ሕድሕድ ቤት ጽሕፈታት ጸብጻባት ተቐቢሉ ብዕምቆት መዚኑ ኣወንታን ኣሉታን ብንጹር ከምዝረኣየን ዝመዘነን ኣብ ጸብጻቡ ሓቢሩ፡፡

ኮምኡውን ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ - ሕድሪ ኣብ ኣኼብኡ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝበኣሰ መልክዑ ዘንጸላሉ ዘሎ ከቢድ ናይ ሓደጋ ብርሰት ንምግታእ፡ ፍቓደኛታትን ድልዋትን ምስ ዝኾኑ መሓዙት ተቓለስቲ ውድባትን ሰልፍታትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ኤርትራ፡ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን፡ ኣብ ናይ ሓባር ዘሰማምዑ መድረኻዊ ዕማማት ሓቢሩ ክሰርሕ ምኳኑ ድልውነቱ ከምዘረጋገጸ፡፡ ብፍላይ ከኣ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ልፍንታዊ መስርሕ ውድባትና ኣበርቲዑ ክሰርሓሉን ካብኡ ዝጥለብ ኩሉ ከማልእ ምኳኑን ከም ዘረጋገጸ ኣብ ዝለኣኾ ዜናዊ ጸብጻቡ ሓቢሩ፡፡

ኣብ መደምደምታ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ናይ መጻኢ ሰለሰተ ኣዋርሕ  መደባቱ ብንጹር ሓንጺጹ ናብ ግብራዊ ዕዮታቱ ክዋፈር ምኳኑ ብምንጻር 8ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ከም ዝዛዘመ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ፡፡

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግሃድኤ - ሕድሪ
መጋቢት 10-2017